kanton glarus

**Opferberatungsstelle des Kantons Glarus**
Bahnhofstrasse 13
8762 Schwanden

Telefon: 055 646 67 36
E-Mail: opferberatung@gl.ch
www.gl.ch

opferhilfe-schweiz.ch
aiuto-alle-vittime.ch
aide-aux-victimes.ch

# ሓበሬታ ብዛዕባ ዘቤታዊ ዓመጽ

## ዘቤታዊ ዓመጽ እንታይ እዩ፧

ዓመጽ ብስድራቤት (ውይ መጻምድትኹም ብዝነበረ ሰብ) የጓንፈኩም እዩ:: ዘቤታዊ ዓመጽ ክብሃል ከሎ: ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ከምኡውን ኣብ ሞንጎ ብሓንሳብ ዘለዉ ወይ ዝተፈላለዩ መጻምድቲ ዘጓንፍ ኣካላዊ: ስነኣእምሮኣዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ማለት እዩ:: ነኣብነት:-

- ኣካላዊ ዓመጽ ኣብ ሞንጎ መጻምዲ
- ብወለዲ ዝትግበር ኣካላዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ቆልዑ
- ምፍርራሕ ወይ ስነ ኣእምሮኣዊ ዓመጽ ኣብ ሞንጎ መጻምድቲ
- መጻምድትኻ ብዝነበረ ሰብ ዝከታተለካ ምስዝኸውን (Stalking)
- ምግሳስ ኣብ ሓዳር (ብዘይ ድልየት ናይ ሓደ ወገን ዝግበር ጾታዊ ርክብ)
- ወሲባዊ ዓመጽ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት
- ዘይግቡእ ኣተኣላልያ (ግፍዓዊ) ካብ ኣለይቲ ወይ ተኻናኸንቲ ኣባል ቤተሰብ
- ንወለዲ ብደቆም ዘጓንፎም ዓመጽ
- ብግዱድ መርዓ ምፍርራሕ ወይ ምትግባር

## ንሕና እንታይ ክንገብረልኩም ንኽእል፧

ሓጋዚ **ግዳያት** (Opferhilfe) ካብቲ ዘለኹሞ ኩነታት ዓመጽ ክትወጹሉ ትኽእሉ መንገዲ ንኽትረኽቡ ይሕግዘኩም:: ብዛዕባ መሰልኩም ሓበሬታ ንህበኩም:: ከምኡውን ንዓኻትኩምን ንደቅኹምን ተወሳኺ ሓገዝ ንገብረልኩም ወይ ሓገዝ ምስዝገብሩ ነራኽበኩም:-

- ዘሕለፍኩሞ ንኽተዘንትዉ ጽን ኢልና ንሰምዓኩም::
- እቲ ዓመጽ ብኸመይ መንገዲ ክውዳእ ወይ ከቋርጽ ከምዝኽእል ሓሳብ ነካፍለኩም::
- ኩነታት ከመይ ክቕጽል ይኽእል ኢልኩም ንኽትውስኑ ንሕግዘኩም (ነኣብነት ንምፍልላይ ወይ ፍትሕ ዝምልከት)
- ምስ ተወሳኺ ሓገዝ ክህበኩም ዝኽእል ኣካል ነራኽበኩም: ነኣብነት ጠበቓ: ስነኣእምሮኣዊ ወይ ቁጠባዊ ሓገዝ
- ንዓኹምን ንደቅኹምን ወሕስነት ዘለዎ ቦታ ንኽትረኽቡ ክንሕግዘኩም ንኽእል::.

## ሓፈሻዊ መሰልኩም እንታይ ይመስል፧

- ዓመጽ ከም ዘጓነፎም ሰባት: በየናይ ሓጋዚ ግዳያት ክትሕገዙ ከምትደልዩ ክትመርጹ መሰልኩም እዩ (ሓገዝቲ ትካላት ኣብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ይርከቡ):: ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ:- www.opferhilfe-schweiz.ch).
- ሕጋዊ: ማሕበራውን ስነኣእምሮኣውን ኣገልግሎት ምኽሪ ክትረኽቡ መሰልኩም እዩ::

20. Juli 2020

- ኣገልግሎት መኻሪ ትካልና ካብ ክፍሊት ነጻ እዩ:: መኸርቲ ነቲ ዝሰምዕዎ ጉዳይ ብምስጢር ክዕቅብዎ ብሕጊ ይግደዱ እዮም:: ክትከሱ ዲኹም ኣይትኽሱን ብዘየገድስ ንሕና ሓገዝና ክንህበኩም ኢና::
- ከከም ዓቕሚ መነባብሮኹም: ክፍሊት ነኣብነት ናይ ስነኣእምሮኣዊ ፍወሳ: ህጹጽ መንበሪ ቦታ ወይ ናይ ጠበቓ ክፍሊት ብትካል ሓጋዚ ግዳያት (Opferhilfe) ክሽፈን ይኽእል እዩ::
- ዝተወሰኑ ቅድመኩነታት ምስዝማልኡ: መወዳእታ ገበን ካብዘጓነፈሉ እዋን ኣብ ውሽጢ 5 ዓመት ናይ ካሕሳ ወይ መተካእታ ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ:: እዚ ድሕሪ ዕለት 01.01.2007 ንዝተተግበሩ ገበናት ይምልከት::

**ኣብ መስርሕ መርመራ ገበን እንታይ መሰላት ኣለኩም፧**

- ኣብ ቃለመጠይቕ ናይ ፖሊስ ወይ ቀጻዒ ኣካል ብዝቐርበኩም ወይ ትኣምንዎ ሰብ ክትስነዩ መሰልኩም እዩ::
- ነቲ ዝተኸሰሰ ሰብ ብዝተኻእለ መጠን ንኸይትረኽብዎ (ኣብ እዋን ቃለመጠይቕ ወይ በጋጣሚ) ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም::
- ስነዳት ናይ ቀጻዒ ኣካል ንኽትረእዎ ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም::
- ዝተወሰዱ ኣገደስቲ ውሳኔታት ክንነግረኹም ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም:: እዚ ነኣብነት እቲ ዝተኸሰሰ ሰብ ካብ እስርቤት ኣብ ዝወጻሉ እዋን ወይ እቲ ናይ ምርሓቕ ትእዛዝ ክስሓብ እንከሎ::

**ጾታዊ ዓመጽ ምሰጓንፈኩም እንታይ መሰል ኣለኩም፧**

- ብኽምናትኩም ጾታ ቃለመጠይቕ ክገብረልኩም ክትሓቱን ከም ናትኩም ጾታ ሰብ ክትርጉመልኩምን መሰልኩም እዩ::
- ንግላዊ ኣካላት ዝምልከት ቃለይ ኣይህብን እየ (ኣይምልስን እየ) ክትብሉ መሰልኩም እዩ::
- ምስቲ ዝተኸሰሰ ሰብ ገጽ ብገጽ ከይትራኸቡ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም::
- ኣብ እዋን ቃለመጠይቕ እንተወሓደ ሓደ ሰብ ናትኩም ጾታ ዘለዎ ንኽኸውንን እቲ ከይዲ ናይ ቤትፍርዲ ህዝባዊ (ክፉት) ንኸይከውንን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም::

**መሰል ቆልዑን መንእሰያትን (ትሕቲ 18 ዓመት)**

- ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ግዳይ ብሓፈሽኡ ኣብ ምሉእ እዋን መስርሕ መርመራ ገበን ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ቃለመጠይቕ ክግበረሉ ኣይፍቀድን እዩ::
- እቲ ቃለመጠይቕ ፍሉይ ስልጠና ብዝወሰደ ክኢላ ዝካየድ ኮይኑ ብልሙድ ብስእልን (ቪድዮ) ብድምጽን ይቕዳሕ እዩ::
- እቲ ቆልዓ ምስዝደልን ምስዝሓትትን እቲ ዝተኸሰሰ ሰብ ውን ብኻልእ መንገዲ መሰሉን ግዴትኡን ክግለጸሉ ምስዘይክእልን (ነኣብነት ናይ ቪድዮ ርክብ ክግበር ምስዘይክእል) ጥራይ እዩ ምስቲ ዝተኸሰሰ ሰብ ገጽ ብገጽ ምርኻብ ዝፍቀድ::